# ጌጋ ዘርኢ ንሓደ ዓመት
# ጌጋ ወሳኔ ንዘይተወሰነ።

ሃገርና ይቕረ በልልና፡ዝተፈጸመ በደላት ይኣክል በልና። ወግንዮም ንኹሎም ሎሚስ ናይ ደቕኺ ኩኒ።

ሓው ንሓው መታን ከሳኒ፡ ምህርቲ ሃገሩ ክሓፍስ ከስተማቕሮ እቲ ጸጋኺ
ብዙሕ ኣሎ፡ ኣማዕድዩ ዝጥምት ዘየሳኒ ምስ ጠቕምኺ፡
ኩሉ ሓላፋይ ኢዩ እዚ ኩሉ ምፍሕፋሕሲ ንመን`ዩ ጠቕሙ?

ኣብ ኣርብዓታት ዝተራእየ ናይ ኣሕዋት ምግምማዕስ ኤርትራውያን ባዕልና መሪጽና ግዙኣት ንሙኳን ኢትዮጵያውያን ቀለልቲ ኣይነበሩ ኣስቢሖም ኢዮም ዝተወጠሑና፡።

ሕጂውን ኣይተማሃርናን ንሙኳን ኀይቶት መሰልና
ደም ጆጋኑና ኣብ ኣፍ ድኣምበር ኣይሓደረን ኣብ ሓንጎልና፡
ንኣፍ እንተለፍለፍና እንተበልና ዝኸሪ ንስውኣትና፡
ብግብሪ ነመስክሮ ተሳኒና
ናብ ለምለም መታን ክንልውጣ ሃገርና፡
ሽዑ ጥራሕ እዩ ዝብሃል ቅሰኑ ኣይመትኩምን ስውኣትና ።

ኣብዝሓኹም ካብ ሱሳ ዓመት ኢዩ ዕድመኹም
ብጊዝያዊ ጥቕሚ ኣይትድፈኑ ኣዒንትኹም
ሕሰቡ ኣበራብሩ ሕልናኹም
ንዝመጽእ ወለዶ ናይ ታሪኽ ተሓተቲ ኢኹም።

ዝፈሰሰ ደም ደቕኹም የእዊ ኣሎ ፈትኑ ክትክህስዎ
ብምስትብሃል ብልቦና ዘክርዎ።
ጸላኣትና እንተዘይረኽቡ ከድዓት መሰነይታ
ሕጂስ ኣብ ሃገርና ምሃለና ብሰላም ብእፎይታ።

ኣቲ ኦም ጠፋኣኪ ፋስ ትመጸኪ ኣላ ኣውጽኢ ነብስኺ
ፋስ እንታይ ዓቕሚ ኣለዋ መሰነይታ ኣንተዘይረኺባ
እታ ካባኺ ዝተፈጥረት እባ ኣላታ መሰነይታ
እወ ሕጂ ሓቂ ብሓቂ ጠፊእኪ ድአ ዘይትብለኒ
ጸላኢ ወይ ተጠቃሚ እንተዘይረክብ ሓገዝ ካባና
በየናይ መዓንጥኡ ክኣቱ ኣብ ማእከልና
ገረብ ብሓኸላ እንተዘይተጠቒሙልና።

ዝገበረኒ ክገብር ዓዲ ነየጋብር
ዓቢ ምዕዶ ኢዩ ኣይንፈኻኸር ንመኻኸር
ውጽኢቱ ከይሃስየና
ሓንቲ ዓባይ ነገር ኣላ ብድሕሪት ትሕብሕበና
ምስ መጸት ግን ብዙሕ ተጨንቐና ንዘይትምሕረና።

ከመይ ዝኣመሰለ ሕማም ኢዩ ንዓይ ስምዑኒ
ካብ ናይ ሓደ ሰብ ሓሳብ ናይ ዓሰርተ ይሓይሽ ይመስለኒ።

ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ ከምዝብሃል
ክሳብ መዓስ ኢና ሚስጢር ናፖልዮን ክንብል?
ሰብ እንተኣጥፍኤ እንተሰረቐ እንተዘረፈ ናፖልዮን ሓቂ ኣለዎ
ኣንቱም ንጹሃት ኤርትራውያን ሚስተር ናፖልዮን ምባል ግደፍዎ።

ጉድ እምበር ረኺባ እዛ ሃገር ዘይናታ ሰይጣን መጺእዋ
ወለድኣ ዝሓብእ ዘይብዓል ቅዱስ ዕላማ።
ሰብ ከይመሃር ብጽኑዕ ካንሸሎ ዝዘርዕ
ቁጠባ ሃገር ብመወዳድርቲ ዘይርከቦ ደረጃ ዘዕኑ።

ቀጻልነት ወለዶታት ከይህሉ መትከል በንቁሱ ዝድምስስ
ውሕሉል ዝኾነ ባህልን ልምድን ዘህስስ።
እንዳሜስ ዝዓበየ ብኸንደይ ቀበጥበጥ
ስነስርዓታዊ መዕበያ ዝጎደሎ ናይ ታሪኽ ሓተላ
ዘይሰርሓሉን ዘይርሃጸሉን ዝበልዕ ከም ኣንበጣ
ህዝቢ እንዳናቖተ ዝነብር ኣብ ዝለዓለ ስፍራ
ናይ ንጉስ ኔሮ ተግባራት ተግባራት ይፍጽማ ኣሎ ብኹላ
ንሮማ ኣቃጺሉስ ንብዓት ሓርገጽ ዝነብዓላ
ኢሳያስ`ውን መድረኽ ሕቡራት ሃገራት ረጊጹ  እዚ ህላላ
ንኻልኦት ጸሪፉ ንነብሱ ዝውድሰላ
ዝምርምሮ ሓኪም ሲኢኑ ዕቡድ ቶኽላ።

ዓወት ንህዝብና
ግዝኣተ ሕጊ ይንገስ
ሃ.ዮ.ኣባል ኤ.ህ.ም